# ህዝባዊ ሰሚናር ጽንብል ፈንቕልን ኣብ ካታንያ (ሲቺልያ)

ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ኣብ ሲቺልያ፡ ብኣምባሳዳር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ናይ ህዝባዊን ኮማውን ጉዳያት ሓላፊ ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ዝተኻፈሎን ብዕለት 08/02/2015 ኣብ ካታንያ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ካብ ከተማታት ካታንያ-ፓለርሞ-ራጉዛ-ሲራኩዛ-ኣግሪጀንቶን መሲናን ብዝተኣኻከቡ ኣባላቱ፡ ኣብዘን ዝስዕባ 3 ኣርእቲ ሰፊሕን ኣገዳስን ሰሚናር ቐሪቡ።

1. ንህሉው ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ዲፕሎማስያውን ኩነታት ሃገርና: ብፍላይ ከኣ ኣብ ህንጸት ሃገር ኣብ ልምዓት በጺሖዎ ዘሎ ትስፉው ደረጃን ብመግቢ ርእስና ንምኽኣልን ኣብ ምድላው ትሕቲ ቕርጽን ጌና ኣብ ዝዕመሙ ዘለዉ ዓበይቲ መደባት: ኣብ ትምህርቲ ጥዕና ቀረብ ማይን ካልእ ኣገልግሎታትን ዘርዚሩ ድሕሪ ምቕራብ: ዘጋጥሙ ጸገማትን ኣብ ምምሕዳራዊ መዳይ ክርኣዩ ዝጸንሑ ሃጋፋትን ሕጽረታትን ንምዕራዮም ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታትን ብሰፊሑ ገሊጹ።
2. መደባትና ንምዃላፍን ንምንጻልናን ብኩናትን እገዳን ከንበርክኹና ስለ ዘይከኣሉ ጸላእትና ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዝካየድ ሚልዮናት ገንዘብ እናፍሰሱን ከዳዕትን ዑሱባትን ደቂ ሃገር ኣናቖጸሩ ንዘካይድዎ ዘለዉ ረቒቕ ስነኣእሙራዊ ኩናት ውዲታቶምን በቲ ሓደ ወገን: በቲ ካልእ ከኣ መንግስትን ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ህዝብን ብጽንዓት መኪቱ ከም ዘፍሸሎምን ብምግላጽ: ክሳብ ኣላሽ ዝብሉ ውዳቤና ዕጥቅናን የሐይልና ከም ቀደምና ብጽንዓት ክንቕጽል መኺሩ።
3. ቀጺሉ ናይ ኤርትራ እቲ ዝዓበየ ጸጋ ህዝባ ኢዩ: ኩሉ እንሰርሖ ስራሕ ንህዝቢ ዘማእከለ ኢዩ: ዝዓበየ ስራሕ ቤት ጽሕፈታትና ንህዝብና ምግልጋል ኢዩ: ኣብ መንን ቤት ጽሕፈትና ህዝብናን ሓያልን ተሪርን ዝምድና ኣሎ ንዝኾነ ጸገማትኩም ክንሰምዕን ጸገማት ክንፈትሕን ኣብ ሕጋውን ቆንስላውን ጉዳያት ኣባላትና ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ክህቡኹም ቁሩባት ኣለዉ. ብሓባር ኮንና ንቕድሚት ንገስግስ ብምባል. ከምኡ ውን ንወረስቲ መንእሰያትና ኣድላይ ምትብባዕ ክንገብረሎም ጸዊዑ።

ኣብ መጨረሽታ ኣባል ሸማግለ ማሕበረኮም ኢጣልያን ካታንያን ኣቶ ኣረፋይነ በራኺ: ብስም ኩሎም ኤርትራውያን ተቐማጦ ሲቺልያ ዓሚቕን ልባዊን ምስጋናኦም ንክቡር ኣምባሳደር ድሕሪ ምቕራብ፡ ኢድ ንኢድ ብምትሕሓዝ እዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣሕሊፎም፥

1. መንግስቲ ኤርትራን ህዝባን ኣብ ሃገራና ዛጊት ኣሰላሲሎምዎ ዘለው ኩለንተናዊ ቑጠባዊ ዕብየት እንዳሞገስና፡ ሃገርና ብቑጠባ ርእሳ ንምኽኣል ኣብ ዝግበር ዘሎ ምርብራብ ኣብ ጎድኖም ደው ብምባል ካባና ዝሕተት ዘበለ ሃገራዊ ጉቡእና ከማልእ ቕሩባት ምዃንና ነረጋግጽ።
2. ሓይልታት ምክልኻል ልኡላውነትናን ውሕስነት ምግቢ ንምርጋጽን ኣብ ዘካይድዎ ዘለው እናሞገስና፡ ኣብ ጎድኖም ከም ዘለና ነረጋግጽ።
3. ንሓድነትናን፡ ስኒትናን ንምብትታን ዝግበር ኩሉ ጸበብቲ ሃይማኖታዊ:ቐቢላዊን ኣውራጃውን ከፋፋሊ ኣተሓሳስባታት እናኾነንና፡ ኣብ ሃገራውነትና ጸኒዕና ንኹሉ ብሓድነትና ከም እንምክቶ ነረጋግጽ።
4. ወያነ ነቲ ብሕጊ ዝተሓንጸጸ ዶብና ብምኽባር፡ ካብ ጎቢጦም ዝሓዝዎ መሬትና ክወጹ፡ ኩሎም ኣውሓስቲ ናይቲ ስምምዕ ኣልጀርስ ቓሎም ብምኽባር ንወያነ ጸቕጢ ክገብርሉ ንጽውዕ።
5. ዋሕዚ ዘይሕጋዊ ስደትን ሳዕቤኑ ህልቒትን ከብቕዕን፡ ንኹሎም ኣብ ጉዳይ ጥፍኣት ደቒ ሰባት ተዋፊሮም ዘለው እናኾነንና፡ነቶም ኣብ ላምፐዱዛን ራጉዛን ግዳያት ዝኾኑ ኣሕዋትና ሬሳኣም ንካብ ዓመት ንላዕሊ ዝጽበዩ ዘለው ስድረኦም ተረኪቡ ኣብ መሬት ዓዶም ንክቕበሩ መንግስቲ ጣልያንያ ሬሳታትና ክህበና ደጊምና ጻዊዒትና ነቕርብ።
6. ብሓሶት ተባዒጡ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝተወስደ ዘይፍትሓዊ እገዳታት እናኾነንና፡ ብህጹጽ ንኽልዓል ንጽውዕ።

**ቀጺሉ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ብሙዚቃን ሳዕስዒትን ዝተፈላለየ ሽሻያትን ዝማዕረገ ጽንብል ኢዮብልዩ በዓል ፈንቅል ተኻይዱ።**

ዓወት ንሓፋሽ!

ዘለኣለማዊ ክብሪ ንሰማእታት!